# መልእኽቲ ንህዝቢ ኤርትራ

**ውድብ ሓድነት ንደሞክራስያዊ ለውጢ** ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፥ ንኣብ ድያስፖራ ዝርከብ፡ ብፍላይ ከኣ ንኣብ መዓስከራት ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝርከቡ ክፋሊ ህዝብና፣ ብኣትኩሮ ዝጥምት ኣብ ውሽጢሃገር ዝርከብ ህዝብና፣ እዋኑ ብመላእ ህዝቢ ዓለም ኣብ ተሃዊጾን ፍርሕን፣ ራዕድን ዝነብረሉ ዘሎ ኩነት፣ ብሰንኪ **ኮሮናቫይሩስ** ምኧኑ እንነብሮን እንዕዘቦ እንምክሮን ምህላውና ንኩላትና ብሩህ እዩ።

እዚ ንህዝቢ ክጥርነፍን፣ ደምባ ፍትሒሓቢሩ ዝሰርሓሉ ባይታ ክጣጣሓሉን ናይ ሓባር ጵላል ክህሉ ዝጽዕር፣ **ውሓ.ደ.ለ.** ብዛዕባ እዚ ህጹጽን ኣሸጋሪን ሕማም ተላብ(COVID-19) ኮቪድ-19 ዝስሙ ኣብ ህዝብና ምስ ዝሳጋገር፣ ናይ ምልባዕ ስርሓቱ ዝዕገተሉ፣ ብሳይንሰኛታት/ስነ-ፍልጡተኛታት ዝዋሃብ ዘሎ ምኽሪ፡ ክውሰዱ ዝኽእሉ መድሃኒታት በየናይን ብኸመይ ገይርካ ሓበሬታን ሜዕዳን ከተማሓላልፍን ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንታይን ብኸመይን ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ፣ ዝብል ወኸሳ ወይ ሓሳብ ክሰርጸካ ብህርያዊ ኮይኑ፣ ዘለዎ ስነ ትንታነን ስኽፍታትን ሃልይዎ ይጠቅም ዝብሎምእማምእዉን የቕርብ፡ ፡

ህዝብና፡ እቲ እናጸልመተን መንበሪ ሲኢኑ ካብ እዚ ዱስጽጣስርዓት ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣምሊጡ ኣብ ጡጡሓት ሃገራት ዝበጽሐ፤ ብዘይካ'ቲ ኣብ መዓስከራት ኢትዮጲያንን ሱዳንን ዘሎ ህዝብና፣ እንተ በቲ እንተ ካብቲ ሓበረታ ክረክብን፤ ዕድል ሕክምና ከይሕረሞን እቲ ኩነታት በስገዳድ ዝውሰድ ስጉምታት ምኧኑ ፍሉጥ እናኾነ ይርእ ኣሎ።

እቲ ብኣስገዳድ ይኹን እቲ ዘድሊ ሓቤረታ ክረክብ ዘይኽእል ኢልና እንሓስቦን፣ እነስተንትነሉ/ንስከፈሉ ነዚ ኣብ መዓስከራት ዝርከብ ህዝብና እዩ። ብዝኸፍአ ክኣ እቲ ኣብ ትሕቲ ውልቀ መላኺ ተዓፊኑ ዘሎ ህዝብና፡ ከምቲ ዝድለ ሓበሬታ ይኹን ግቡእ ሕክምና ከምዝይረክብ ዘሎና ጠርጠራ ዓቢ ኮይኑ ብማሰረቱ ካብ ውሽጢክሙጽእ ዝኽእል ዘይርጉጽ ሓበሬታ ኣብ ጠርጠራ ከነእትዎ ግድነት ዘኹኖ፣ ባህርያት ናይዚ ውልቀ መላኺእዩ፡ ፡

እቶም ኣብ ጎራባብቲ ሃገራት ከም ከንያ፣ ሱዳን፣ ኢትዮጲያ….ወዘተ ምትእትታው ኮሮና ቪሩስ ድሮ ተላግቦ ዝሓዘምደቒ ሃገር፣ ክገልጹን እቲ ዘድሊ ስጉምታት ኣንጻር ምልባዕ ክወስዳ ክስሜዕ ከሎ፡ ካብ ኤርትራ ግን ንጹር ሓበረታ ኣይርከብን።

ስለዚ ኣብ ደምባ ፍትሒ እንዋሳእ፣ ውድባት፣ ምንቅስቓሳት፣ ህዝባውያን ማሕበራት ናይ ሓባር **ሓይሊ-ዕማም** ብምውዛዕ፣ ብስም ኩላትና **ናብ ዓለምለኻዊ ውድብ ጥዕና (World Health Organization)** ፣ ኣብ ጅነቫ ዝመደበሩ ብምውካስ፡

- ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢሃገር ብምክትታል፣ ዘድሊ ሓበረታን ሓገዝን እትህበሉ ማስርሕ ክካይየውድ ከም ዘለዎ ምጽዓር ጥራይ ዝይኮነስ፣ ነዚ ስርዓተ ውልቀ መላኺ ዕለት ብዕለት ሓበረታን ኩነታት ህዝብና ክገልጽ ምግዳድ፤ ነቶም ሓይሊ ዕማም ክትሕብሮምን

ክትታሓባበሮምን ምሕታት። ብእኦም ኣቢልካ ሩጉጹን ኲነታት ህዝብና ምክትታል ይካኣል።

- ነቶም ኣብ መዓስከር ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝርከቡ ክፉል ህዝብና’ዉን እንተኾነ እዚ ኣብ ጅነብ ዝሚደበሩ W.H.O. ዓለምለኻዊ ተኻታታሊ ጥዕና ማሕበር፣ ነቶምናይ IRC ዓለምለኻዊ ተኻታተልቲ ዑቑበውኛታት ብምውካስን ምትሕብባርን ናይዘም ዑቑበኛታት ክካታተልን እቲ ዘድሊ ሓቤዉረታ፣ ሓገዝን መድሃኒታት ዝርከበሉ ኲነት ክፍጠር ምሕታትን ምሕጽንታት ንምትግባሩ ድፊኢት ክግበር ምጽዓር።
- እተን ብዘይ ድኻም ሓበረታ ንምሃብ ዝጽዕራ ዘለዋ ምድያታት ደማፃ ፍትሒ፣ ኲሉ ኣትኩረአን ነዚ ሕማምተላገብ ኮቪድ-19 ክኸዉንን፣ ካብ ውሽጢ ሃገር ይኹን መዓስከር ዑቑበኛታት ኩሉ ግዜ ወኸሳታት ሓበረታት ክረኽባን ክህባን ንህዝቢ ኣፍልጦ ክህባ ምትሕግጋዘንን ምትብባዐንን።

እነ ሕልፎ ዘሎና እዋን ብቐሊል ዘይርአን ናይ ሁጹጽ ሁጸጽነት ምኳኑ ብምግንዛብ: ብቕልጡፍ ክንገብሮ እንኽእል ካብ ምግባር ክንቁጡብ ከም ዘይብልና ብምሕሳብን፣ ኩሉ ዓቕምታትና ብምውህሃድ ንምድሓን ህዝብናን ንምርግጋጽ ሃገርናን ንኽንጽዕር ልባዊ ምሕጽንታና ነቕርብ።

ው:ሓ.ድ.ለ